ኤርትራዊ ስሙር ሃገራዊ ግንባር

الجبهة الوطنية الإرترية المتحدة

ERITREAN UNITED NATIONAL FRONT

**መግለጺ ኤርትራዊ ስሙር ሃገራዊ ግንባር(ኤስሃግ)፡**

**ብምኽንያት 11 ለካቲት፤**

11 ለካቲት፡ ህዝቢ ትግራይ ንዘበናት ክወርዶ ዝጸንሐ መረር ብሄራዊ ጭቆና ንምቕንጣጥ፡ ኣርዑት ባርነት ንሓንሳብን ንሓዋሩን ንምስባር ብመሪሕነት ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ(ህወሓት) ብረታዊ ተጋድሎ ዝጀመረላ ታሪኻዊት ዕለት እያ። ህዝቢ ትግራይ፡ ኣብ ትሕቲ ጽላል ውድቡ ህወሓት፡ ሸግ ሓርነት ወሊዑ፡ ን17 ዓመታት ኣብ ዘካየዶ መሪርን ነዊሕን ተጋድሎ፡ ኩሉ-መዳያዊ መስዋእቲ ዝኸፈለን፡ ብዓበይቲ ታሪኻዊ ዓወታት ዝተጸንበለን ምዃኑ ናይ ኣደባባይ ምስጢር እዩ።

ህዝቢ ትግራይ፡ ታሪኻዊት ባዓሉ መበል 47 ዓመት ምስረታ ህወሓት ዘብዕል ዘሎ፡ ኣብ ፉሉይ ኩነታት ኮይኑ እዩ። ብገባቲ ስርዓት ኢሳያስ ዝተሃንደሰን ዝተመርሐን ኣዕናዊ ወራር፡ ብመሪርን ጅግንነታውን ተጋድሎኡ፡ መብዛሕትኡ ከባቢታት ዓዱ፡ ኣብ ውሽጢ 8 ወርሓት ሓራ ኣብ ዝገበረሉ እዋን እዩ፤ በቲ ካልእ መዳይ ድማ፡ ገና ኣብ ትሕቲ ወራር ገባቲ ስርዓት ኢሳያስን መሓዙቱን ወዲቑ ዝርከብ ከባቢ ምህላዉ ኣብ ባይታ ዘሎ ዘይኽወል ሓቂ እዩ። ካብ'ዚ ንላዕልን ኣዝዩ ዝበኣሰን ድማ፡ ህዝቢ ትግራይ፡ ብዕጽዋን ክባን ምኽንያት፡ ናይ ረዲኤት እኽልን መድሃኒትን ተሓሪሙዎ ንከቢድ ጥሜትን ሕማምን ተቓሊዑ ብዝተፈላለዩ ሕማማት ክሳቐን ክመውትን ኣብ ዝተፈረደሉ እዋን እዩ።

ኤርትራዊ ስሙር ሃገራዊ ግንባር(ኤስሃግ)፡ ንለካቲት 11 ምስረታ ህወሓት ክዝክር እንከሎ፡ ንህዝቢ ትግራይ ብዘለዋ ዕዙዝ ትርጉም ጥራሕ ኣይኮነን። እኳ ደኣስ፡ ኣብ'ዛ ክብርቲ ዕለት ዝተመስረተ ህወሓትን፡ ኣብ ጽላል ውድቡ ዓሲሉ ዝተጋደለ ህዝቢ ትግራይን፡ ካብ ወጋሕትኡ ጀሚሩ፡ ሕቶ ህዝቢ ኤርትራ፡ ሕጋውን ታሪኻውን መርተዖ ዘለዎ፡ ናይ ነጻነት ሕቶ ምዃኑ፡ ጽኑዕ እምነት ሒዙ ዝተቓለሰን መስዋእቲ ዝኸፈለን፡ ኣብ ጽንኩራት መድረኻት'ውን ንሓንቲ ካልኢት ሰገጥ ከይበለ ዝቐጸለ ምዃኑ ስለዝኣምን እዩ። ገባቲ ስርዓት ኢሳያስን ጉጅልኡን፡ ምስ'ቶም ኣብ ሃገራዊ ነጻነትናን ልዑላውነትናን ፍጹም እምነት ነይሩዎም ዘይፈልጥ፡ የግዳስ ምስ ውልቀ መላኺ ኢሳያስ፡ ኢድ ንኢድ ተታሓሒዞም፡ ንህዝቢ ትግራይ ብምድሃኽ፡ ርእሱ ከድንን ብምግባር፡ ንውድቡ ህወሓትን መንግስቱን ድማ ብምድምሳስ፡ ንሃገርና ኤርትራን ወደባታን፡ ኣብ ቁጽጽሮም ንምእታው ዝኽእሉሉ ጥጡሕ ባይታ ንምፍጣር፡ ኣዕናዊ ወራር ኣብ ዝፈጸሙሉ እዋን'ውን እንተኾነ፡ ኣብ ሕቶ ነጻነትናን ልዑላውነትናን ተጠራጢሩ ዘይፈልጥ ምዃኑ ስለዝግንዘብ እዩ። ስለዚ 11-ለካቲት፡ ምስረታ ህወሓት፡ ንህዝቢ ትግራይ ጥራሕ ዘይኮነትስ፡ ንህዝቢ ኤርትራ'ውን፡ ፉሉይ ትርጉም ዘለዋ ታሪኻዊት ዕለት ብምዃና፡ የኽብራን ይዝክራን።

ኤርትራዊ ስሙር ሃገራዊ ግንባር(ኤስሃግ)፡ እዞም ንህዝቢ ትግራይ ብሓይሊ ከምበርክኹዎ፣ ብጥሜትን ሕማምን ከህልቑዎ፡ ኣብ ልዕሊኡ ጀኖሳይድ ዝኣወጁ፡ ውልቀ መላኺ ኢሳያስ ዝመርሖም፡ ወረርቲ ሓይልታት ዝፈጸሙዎን ዝቕጽሉዎ ዘለዉን ከቢድ ገበን፡ ብጥብቂ ክኹንኖ ጸኒሑን ኣሎን። ህዝቢ ኤርትራ ድማ፡ ኣብ ጎድኒ ህዝቢ ትግራይ ደው ኢሉ፡ ብትሪ ክኹንኖን ክቃለሶን ይጽውዕ፤ ብተወሳኺ ማሕበረ-ሰብ ዓለም፡ ነዚ ክባን ዕጽዋን ኣብ ምኽፋት፡ ተርእ ከበርክት፡ ብምኽንያት'ዛ ክብርቲ ዕለት መጸዋዕትኡ የማሓላልፍ።

ኤርትራዊ ስሙር ሃገራዊ ግንባር(ኤስሃግ)፡ ብውልቀ መላኺ ኢሳያስን መሻርኽቱን ዝተኻየደ ወራር፡ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ፣ ህወሓትን መንግስቲ ትግራይን፡ ኩሉ-መዳያዊ ዕንወት ዘውረደ'ኳ እንተኾነ፡ ሓመድ ልሒሶም ብዘካየዱዎ ጅግንነታዊ ተጋድሎ፡ ኣንጸላልዩዎም ዝነበረ ናይ ህልውና ሓደጋ፡ ብጅግንነት ምዕጻፎም፡ ኣብ ምዕቃብ ነጻነትን ልዑላውነትን ሃገርና ዘለዎ ትርጉም ዕዙዝ ምዃኑ ይኣምን። ምኽንያቱ፡ እቲ ብተማሓዘውቲ መንግስታት ዝተፈነወ ኣዕናዊ ወራር፡ ዝተለሞ ውጥን ኣብ ትግራይ ጥራሕ ደው ከምዘይብል ይፈልጥ'ዩ። እዚ ወራር'ዚ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝወጠኖ እንተዝዕወት፡ ብዘይ ምቁራጽ፡ ንሃገርና ኤርትራን ወደባታን ካብ ምጉባጥ ንድሕሪት ከምዘይምለስ፡ ውዲታት ኢሳያስን፡ ሃንቀውታ ሓይልታት ትምክሕቲ ኢትዮጵያ/ኣምሓራን ንዝተኸታተለ፡ ኣዝዩ ንጹር እዩ። ብኣንጻሩ በቲ ዝተዋሃሃደ ጅግንነታዊ ተጋድሎ ህዝቢ ትግራይ፣ ህወሓት፣ መንግስቲ ትግራይን ሰራዊቱን፡ ኣብ ልዕሊ ወረርቲ ሓይልታት ዘውረዶ ሰፍ ዘይብል መጥቃዕቲ፡ ነቲ ኣብ ልዕሊ ነጻነትናን ልዑላውነትናን ኣንጸላልዩ ዝነበረ ሓደጋ፡ ንግዝይኡ ክበንን ኣብቂዑዎ ምህላዉ ይኣምን። ይኹን'ምበር፡ ሎሚ'ውን ሕልሚ ውልቀ-መላኺ ኢሳያስን መሻርኽቱን መሊኡ ዝመኸነ ኣይኮነን። ንህዝቢ ትግራይ ብምድሃኽ፡ ንህወሓትን መንግስቱን ብምውጋድ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ከውርዱዎ ዝደልዩ ኩሉ ዓይነት ሓደጋ ዝበርዓነ ኣይኮነን። ስለዝኾነ'ውን ኤርትራዊ ስሙር ሃገራዊ ግንባር(ኤስሃግ)፡ ነጻነትን ልዑላውነትን ሃገርና ብዘተኣማምን ንምዕቃብን፡ ድሕንነትን ቀጻልነትን ህዝቢ ኤርትራ ንምውሓስን፡ ዓቕምታቱ ምስ ህዝቢ ትግራይ፣ ህወሓትን መንግስቲ ትግራይን ኣዋሃሂዱ ክቃለስ ድሉው ምህላዉ፡ ብምኽንያት እዛ ክብርቲ ዕለት ።። ለካቲት፡ መበል 47 ዓመት ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ደጊሙ የረጋግጽ። ህዝቢ ኤርትራን ተቓለስቲ ፖለቲካዊ ሓይልታቱን፡ እቲ ብገባቲ ስርዓት ኢሳያስ-ህግደፍን መሻርኽቱ ሓይልታት ትምክሕቲ ኢትዮጵያን፡ ኣብ ልዕሊ ነጻነትናን ልዑላውነትናን ኣንጸላልዩ ዘሎ ሓደጋ፡ ብዘተኣማምን ኣብ ምውጋድ፡ ዓቕምታቶም ኣዋሃሂዶም ክቃለሱ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ተበይኑ ዘሎ ዕጽዋን ክባን ብትረት ክኹንኑዎ፡ ኣብ ጎድኒ'ቲ፡ ህዝቢ ትግራይ ንህላውነቱ ዘካይዶ ዘሎ ቃልሲ ደው ክብሉ፡ ብምኽንያት ።። ለካቲት መበል 47 ዓመት ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ መጸዋዕትኡ የቕርብ።

**ድምቀት ን።-ለካቲት፡ መበል 47-ዓመት ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ!!**
**ድሕነትና ብስሙር ቃልስና!!**
**ዝኽርን ክብርን ንጀጋኑ ሰማእታትና!!**

**ኤርትራዊ ስሙር ሃገራዊ ግንባር(ኤስሃግ)፡**
**።። ለካቲት 2014 ዓ.ም.ኢ.(18 ለካቲት 2022 ዓ.ም.ፈ.)**